KANTON AARGAU

**DEPARTEMENT**
**BILDUNG, KULTUR UND SPORT**
Vorsteher

**Alex Hürzeler**
Regierungsrat
Bachstrasse 15, 5001 Aarau
Telefon zentral 062 835 20 00
Fax 062 835 20 06
alex.huerzeler@ag.ch
www.ag.ch/bks

ናብ ወለዲ ተመሃሮ
መባእታ ቤት-ትምህርቲ ኣርጎ

ሚያዝያ 23, 2021

**ተደጋገምቲ መርመራታት ኮቪድ 19 ኣብ ቤት-ትምህርቲ**

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ

ቤት-ምኽሪ መንግስቲ ኣርጎ ተደጋገምቲ መርመራታት ኮቪድ 19 ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ ይገብር ኣብ ምቁጽጻር ለበዳ ዝብል እምንቶ ኣለዎ። ስለዚ ኢዩ ድማ ካብ መጀምርታ ሚያዝያ ጀሚሩ ወሲኑ ንከተግብር ከምኡ ዓይነት ሰፊሕ ዝመሰረቱ መርመራታት ኣብ ኣብያተ-ትምህርታት።

**ናይ ቆልዓኹም ቤት-ትምህርቲ ንተደጋገምቲ ሰሙናዊ መርመራታት ተመዝጊባ ኣላ። ናይ ቆልዓኹም ተሳትፎ ኣብቲ መርመራ ብወለንታ ኢዩ ከምኡ`ውን ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ኢዩ።**

እቶም መርመራታት ናይ ምራቕ መርኣያ ኢዮም። ንግሆ ኣብ ገዛ ድማ ይውሰዱ። እቲ ናይ ምራቕ መርኣያ ምሽውነትን ዝጎደሎ ኣይኮነን ከምኡ`ውን ቃንዛን ኣልቦ ኢዩ። ቆልዓኹም ነቲ መርኣያ ናብ ቤት-ትምህርቲ ሒዝዎ ይመጽእ። ኣብኡ ድማ ምስ ካልኦት መርኣያታት (ጋብላ) ይሕወስ ከምኡ`ውን ብዘይ ስም ምጥቃስ ይምርመር ኣብቲ ላባራቶሪ።

ንስኹምን ናይ ቆልዓኹም ቤት-ትምህርትን ብዛዕባ`ቲ ውጽኢት መርመራ ብቐጥታ ክትሕበሩ ኢኹም። እንድሕር እቲ ጋብላ ኣወንታ ኮይኑ፡ ኩሎም ኣብቲ ጋብላ ዘለዉ ሰባት ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ዳግማይ በብውልቂ መርመራ ክግበረሎም ኢዩ። እቶም ኣወንታዊ ውጽኢት ዝመዝግቡ ውልቀ-ሰባት ናብ ተነጽሎ የምርሑ ከምኡ`ውን ክትትል ይግበረሎም ብናይ ኣርጎ ምክትታል ምትንኻፍ (CONTI)።

ነቶም ወለንታውያን መርመራታት፡ ኩሉ ሰብ ኣብ መስመር ኢንተርነት ሓንሳብ ክምዝገብ ኣለዎ። ነቲ ናይ ምዝገባ መላግቦ (ሊንክ) ብቐጥታ ክትቅበሉዎ ኢኹም ካብ ናይ ቆልዓኹም ቤት-ትምህርቲ። በዚ ምዝገባ፡ ብግልጺ ትህቡ **ውልቃዊ ፍቓድ** ነቶም ተደጋገምቲ መርመራታት ከምኡ`ውን ነቲ ንያኦም ኣድላዪ ዝኾነ ምምስራሕ ዳታ።

እንድሕር ዝኾነ ሕቶ ኣለኩም ብዛዕባ ተደጋገምቲ መርመራታት፡ ብኽብረትኩም ንቤት-ትምህርትኹም ተወከሱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ክርከብ ይክኣል ኢዩ ኣብ [www.ag.ch/coronavirus-rete](www.ag.ch/coronavirus-rete).

እዚኦም ስጉምታት ነቲ ለበዳ ኣብ ምቁጽጻርን ክሕግዙ ከምኡ`ውን ዝልዓለ ምክልኻል ንኣባላት ቤት-ምህርትን ስድራ-ቤቶምን ይህቡ ዝብል እምንቶ ኣለና።

ነመስግነኩም ንእምነትኩምን ደገፍኩምን። ጻዕርና ኣይክይን ኢዩ!

ሰናይ ምንዮት፡

Alex Hürzeler
Regierungsrat

Dr. med. Yvonne Hummel
Kantonsärztin